ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

## <u>ብምኽንያት መበል 47 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝወጸ መግለጺ</u>

<u>ጅግና ተቃላሳይ ህዝቢ ኤርትራ !!</u>

ሎሚ ባሕቲ መስከረም 2008 ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብሕጋውን ሰላማውን መንገዲ ፍትሓዊ ሓርነታዊ ሕቶኡ ንምምላስ ዘካይዶ ቃልሲ ፍታሕ ኣብ ዘይረኸበሉ እምቢ ንመግዛእቲ ኢሉ ብውሑዳት ሓርበኛታት ጅግንነታዊ ሓርበኛዊ ብረታዊ ተጋድሎ ዘበገሰሉ ዝኽሪ ታሪኻዊት መዓልቲ ኢና እነብዕል ዘሎና። እዛ ክብርቲ ታሪኻዊት መዓልቲ እዝኣ ዓመት መጸ ክነብዕላ እንከሎና ህዝቢ ኤርትራ ንዝኾነ ይኹን ብመጻኢ ዕድል ህዝብን ሃገርን ንዝመጸ ናይ ባዕዳውያን ገዛእቲ ይኹን ናይ ደቂ ዓዲ ናይ ጭቆና ኣርዑት ኣሜን ኢሉ "ዝነገሰ ንጉሰይ ዝበረቀ ጸሓየይ" ኢሉ ከም ዘይቅበልን ዘይምብረኸኽን እንታይ ደኣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ጽንኩር ኩነታት እውን እንተኾነ ንመሓለኻታት መግዛእትን ስውር መግዛእትን ክበጣጥስ ኩለ ዝከኣሎ ኣገባብ ቃልሲ ክሳብ ብዓመጽ ከም ዝጥቀም ዘመስከረላ ክብርቲ ዕለት ኢያ። ብርግጽ እቲ ን30 ዓመታት ዝተኻየደ ጅግንነታዊ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝብታት ኣፍሪቃ እቲ ዝነወሐ ሓርበኛዊ ብረታዊ ተጋድሎ ኮይኑ ዝተመዝገበ ይኹን ደኣምበር ከምቶም ኣብ 50ታትን 60 ታትን መሊኦም ሸቶኦም ዘይወቅዑ ሓርነታዊ ሕቶታት ህዝብታት ኣፍሪቃ ፍትሓውን ሕጋውን ሓርነታዊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ እውን መሊኡ ሸቶኡ ዘይወቀዐ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ሰውራ እዩ። ከምቶም ኩሎም ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ነጻ ወጺኦም ባንደሮኦም ዘንበልበሉ ሃገራት ኣፍሪቃ ህዝቢ ኤርትራ እውን ምስቲ ኹሉ ዘካየዶ ዝተናወሐ ብረታዊ ቃልስን ዝኸፈሎ ሰፍ ዘይብል ከቢድ መስዋእትን ካብ ተራ ሃገራዊ ነጻነት ዘይሓልፍ ባንደራ ናይ ምንብልባል ዕጫ ገጢምዎ መሬት ኤርትራ ደኣ እምበር ህዝቢ ኤርትራ ሓራ ክገብር ኣይከኣለን። ናይዚ ጠንቂ ከኣ ናይቲ ዝተናወሐ ቃልሲ መስዋእቲ ዝተኸፍለሉ ሃገራዊ ሓርነታዊ፡ ተጋድሎ ኤርትራ ህዝቢ ፍሬ ውጽኢቱ ከይሓፍስን ኣብ ጎዳና ሰላምን ዲሞክራስን ምዕባሌን ከይምርሽን ዓጊቱ  ዝሓዘ ጸረ-ህዝቢ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ብናይ ህዝቢ ኤርትራ ድምጺ ዘይኮነስ ብሓይሊ ብረት ኣብ ኮረሻ ስልጣን ደይቡ ህዝቢ ኤርትራ ዳግም ኣብ ናይ ጭቆና ኣርዑት ክወድቅን ሓሰረ መከርኡ ክርእን እዩ ተገዲዱ ዘሎ። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ እዩ ሎሚ ኤርትራ ወላ ድሕሪ ናይ 17 ናይ ነጸነት ዓመታት እውን እንተኾነ ብግዝኣተ ሕጊ ዘይትማሐደር፣ ጨና ናይ ዲሞክራሲ ዝሓርበታ፣ ዜጋታት ብዘይ ፍትሕን ፍርድን ዝእሰሩላ፡ ዝርሸኑላ፣ ብገባራይ ሓዳጋይነት ናይ ሓደ ውልቀሰብ እትምራሕ ሃገር ኮይና ንውድቀት ተሳጢሓ ዘላ። ከምዚ ኢሉ መጻኢ ዕድል ህዝብን ሃገርን ሃብትን ስልጣንን ኣብ ትሕቲ ዝተቆጻጸሩ  ውሑዳት ጃንዳ ናይቲ ዲክታቶሪያዊ ስርዓትን ህግደፍን መጋበርያታቱን ወዲቁ ግህሰት ሰብኣውን ዲሞክራስያው መሰላትን ዝፍጸሙ ግፍዕታትን ዝለዓለ ጥርዞም በጺሖም ብናይ ቁጠባዊ ውድቀትን ናይ መነባብሮ ሕሰምን ዝበዝሐ ክፍሊ ናይቲ ሕብረተሰብ ተጸባየይን ተመጸዋታይን ክኸውን ተገዲዱ ምህላው ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ።

እቲ ብዓወት ዕላማታት ባሕቲ መስከረም እፎይታ ረኺቡ ብሰላም ክማሃር፣ ክሓርስ፣ ክንግድ፣ ክሰርሕ፣ ብነጻ ክንቀሳቐስ፣ ክዛረብ፣ ክጽሕፍ፣ ክውደብ፣ ብሰላማዊ መንገዲ ክቃወም፣ ክድግፍ ወዘተ ትጽቢታት ዝነበሮ ሕብረተሰብ ኤርትራ እዚ ዕድል እዚ ኣይግጦምን። እዚ ዕድል እዚ ክረክብን ሃገር ከማዕብልን ዝነበሮ መንእሰይ ወለዶ ንዓመታት ካብ ማኣዲ ትምህርትን ማሕረስን ንግድን ስራሕን ምርምርን ቦኺሩ መላእ ዓያዩ ኣፍራዩ ዓቅሚ ናይቲ ሕብረተሰብ ከም ባርያ ንገዛኢ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ከገልግል ብነጻ ጉልበት ክሽቅልን ተገዲዱ ኣብ ናይ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ክኣቱን ንዘልኣለም ብነጻ ከዓይን ኣብ ዘዘካየዶ ዘይፍታሓዊ ውጋኣት ማእለያ ዘይብሉ ክመውትን ክስንክልን ክፈናቀልን እዩ ዝጸነሐን ዘሎን። ከም ውጽኢት ናይዚ ጸረ-ህዝቢ ጨፍጫፊ ስርዓት እዚ ብውሽጥን ብወጻእን ክኽተሎም ዝጸነሐን ዘሎን መዕነውቲ ፖሊሲታት ከኣ እዩ ህዝቢ ኤርትራን ጎረባብቲ ህዝብታት ዞባናን ሰላም ሲኢኖም ዝሳቀዩ ዘሎው። በዚ ዝኣክል ህዝቢ ኤርትራ እቲ ቅድሚ 17 ዓመታት ኣብ ሓርነት መሬቱን ሃገራዊ ነጻነቱን ኣንቢሩዎ ዝነበረ ተስፋታትን ትጽቢታትን ኩሉ መኺኑ ተሪፉ። ሃገር ናይ ንጹሃት ዜጋታት ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ተቀይራ፡ ዋሕዚ ዳግማይ ስደት ዕለታዊ ተርእዮ ኮይኑ መንእሰያት ኣብ ጉዕዞ ስደት ከበድቲ ናይ ሞትን፣ ስንክልና ማእሰርትን መጥረዝትን እናገጠሞም እንከሎ እዩ በቲ ስርዓት ንምዕጋቱ ተባሂሉ ኩሉ ግፍዓዊ ስጉምታት እናተወስዱ እንከሎ ጨርሱ ጠጠው ንምባሉ ዘይተኽኣለ ዘሎ ተርእዮ ሓደ መልክዕ ናይ ምብትታን ሓደገኛ ክስተት እዩ። ሃገር ተረካቢ ሕድሪ ክትስእን ዝገበር ቀንጻሊ ኣበርዓኒ ናይ ጸሊም ታሪኽ በሰላ እዩ።

<u>ተባዕ ተቃላሳይ ህዝቢ ኤርትራ !!</u>

ኣብ ውሽጢ እዚ ናይ 17 ዓመታት ናይ ነጻነት ዓመታት እዚኣተን መላእ ህዝቢ ኤርትራ ሓርነታዊ ትጽቢታቱ ተሃሪሙ ብግፍዓዊ ምሕደራ ናይዚ ጸረ-ህዝቢ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት እዚ ሓሰረ መከርኡ ይርአ ድኣ እምበር ሎሚ ኣብ ልዕሊ እዚ ስርዓት እዚ ዝነበሮ ተስፋታት ካብ ዝበዝሐ ክፍልታት ናይቲ ሕብረተሰብ መሊኦም ተጸኒቂቆም ኣብ ውሑዳት ምስ ዝተፈላለዩ ጊዚያዊ ረብሓታቶም ተንጠልጢሎም ኣብ ዝኸዱን ዝነጸባረቅ ኮይኑ ብቀንዱ ግን እቲ ስርዓት ዝተኣማመነሉ ኣብ ወተሃደራውን ስለያውን ናይ ቅንጸላ ትካላት ተመርኪሱ እዩ ዕለተ ውድቀቱ ከናውሕ ዘዕለብጥ ዘሎ። ከምዚ ኢሉ እቲ ወድዓዊ ኩነታት ናይ ኤርትራ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብሱል ይኹን ደኣ እምበር በዓልበታዊ ኩነታት ናይቲ ዲሞክራሲያዊ ተጋድሎ ብኣኡ ደረጃ ናብ ዝማዕበለ ብርኪ ናይ ቃልሲ ገና ኣይተሰጋገረን ኣሎ። ስለዝኾነ ከኣ እቲ ጨቋኒ ስርዓት ኣብ እንግዳዕ ውጽዕ ሕብረተሰብና ተጻዒኑ ትልኽ እንዳበለ ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕ ካብ ዝገበሩዎ ረቋሒታት እቲ ብዋጋ ጉልበትን ንብረትን ገንዘብን ህዝቢ ኤርትራ እንዳበዝበዘ ብምኾት ዝነብሮ ዘሎ ሓደ ጉዳይ ኮይኑ ብሓደ ሸነኽ ብወሰንነት ኣብ ዓለማውን ዞባውን ኩነታት ናይ ሃገራት ዝኽሰቱ ጎንጽታት ንጉጅላውን ውልቃውን ረብሓታቱ እንዳመዝመዘ ብካልእ ሸነኽ ከኣ ገና ናብ ሓያል ደረጃ ቃልሲ ዘይተሰጋገረ ንዘሎ ኣተሃላልዋ ደንበ ተቃውሞ ከም ኣጋጣሚ እናተጠቅመ እንተዘይኮይኑ ናይ ህላዊኡን ቀጻልነቱን ምኽንያት ካልእ ምስጢርን ተኣምርን የብሉን። እቲ እናሻዕ ብግዳም ሓያል መሲሉ ንክርኤ ለይትን መዓልትን ብናይ እንኮ ናይ ፕሮፖጋንዳ መናፍሓቱ ነብሱ ኩሓሒሉ ከቅርብ እኳ እንተፈተነን ዓንገረር እንተበለን ብውሽጢ ከቀጽሎ ካብ ዝኽእል ወሳኒ ረቋሒታት ናይ ህዝቢ ደገፍ ዘይብሉ ከም ዕቡድ ከልቢ በብግዝኡ ነንሕድሕዱ ኣብ ጥቅመይ ጥቅምኻ እንዳተበላለዐ ንውድቀት ዝተሳጠሐ ዝበኽበኸ ብልሽው ስርዓት እዩ።

ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝበለ ወድዕነት ብሓፈሻ ደንበ ተቃውሞ ብፍላይ ከኣ እቲ ኣብ ቀረባ ግዜ ብዓወት ዝተጸነበለ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ቅድሚኡ ዝተደቀኑ ናይ ቃልሲ ብደሆታት ኣቃሊልካ ዘይርኣዩ እዮም። ንሃገር ካብ ዕንወትን ምብትታን ብምድሓን ኣብ መትከላት ዲሞክራሲ፣ ሰላም፣ ሰብኣዊ መሰላት፣ ፍትሓዊ ምምቅራሕ ስልጣንን ሃብትን ዝተመርኮሰ ናይ ኩሉ ክፍልታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ፍትሕን ማዕረነትን

*ዘረጋግጽ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምትእትታው ዝገበር ተጋድሎ ዓቢ ዕማም ኮይኑ፣ ብቀዳምነት ኣብዚ መደረኸ እዚ ነዚ ሽቶ እዚ ንምህራም ደንበ ተቃውሞ ብኩሉ ዓውደ መዳያት ቃልሲ ኩሉ ዓቅምታቱ ኣወሃሂዱን ኣዋዲዱን ደልዲሉ ናብ ዝሓሸ ደረጃ (ብርኪ) ናይ ቃልሲ ተሰጋጊሩ ንጸረ-ህዝቢ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ናይ ታሪኽ ጎሓፍ ክድርብዮ ብጽንዓትን ተወፋይነትን ክረባረብ የድሊ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብድሕሪ ዕውት ሓድነታዊ ጉባኤኡ ብዘሎዎ ጭቡጥ መሳርሒታትን ዓቅሚ ሰብን ተበጊሱ ብዝተነጸሩ መደባት ዓቅምታቱ ኣዋዲዱ ኣብ ኩሉ መዳያት ዓውዲ ስርሓት ተጋድሎኡ ከሕይል ይቃለስ ኣሎ። ኣብዚ ብኣንፈት ደረጃን ተግባርን ዝሓሸ ምዕባለታት ብዝርእየሉ ወድዕነታት ይስጉም እኳ እንተሃለወ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ናይ ቃልሲ ክሰጋገር ቀጻሊ ዘይሕለል ውፍይ ጻዕርታት ይሓቱዎ ምህላው ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ እዚ መላእ ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ሰቪካዊ ማሕበረሰባትን ንሰብኣውን ዲሞክራስያውን ግህሰታት ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምቅላዕን ኣብ ኤርትራ ብግዝኣተ ሕጊ ዝምራሕ ሕብረ-ሰልፋዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክውን ንምግባር ዘካይዱዎ ዘሎው ሓበራዊ ጥሙር ንጥፈታት ኤ.ዲ.ኪ ልዑል መጎሱ ይገልጽ። ብፍላይ በብግዝኡ ንዝኸሰቱ ዝጸነሑን ዘሎውን ሽግራት ስደተኛታት ንምፍታሕ ዘካይዱዎ ሰላማዊ ሰልፍታትን ጻዕርታትን ኣድናቆቱ እንዳገለጸ ሕጂ እውን ብጽንዓትን ተወፋይነትን ከይተሓለሉ ብቀጻሊ ክቃለሰሉ ጸዋዒቱ የቅርብ።*

***<u>ጅግና ተቃላሳይ ህዝቢ ኤርትራ !!</u>***

*ሎሚ ንመበል* 47 *ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ክነብዕል እንከሎና እቲ ትማሊ እምቢ ንመግዛእቲ እወ ንሓርነት ኢልካ ካብ ፍትሓውን ሕጋውን ሕቶኻ ከይተኣለኻ ልዑል መስዋእቲ ብምኽፋል ዝተቃለስካ ሕጂ እውን ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝቢ ቀንጻሊ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ኮይንካ ራህዋን ሰላምን ክረክብ እየ ኢልካ ስለዘይሕሰብ ኣሳፊሕካ ሞት ተኾርሚካ እውን ሞት እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ዕላማታት ባሕቲ መስከረም መሊኦም ከዕወቱን ሰማእታትና ክቀስኑን ሕድሮም ኣብ መዕረፍኡ ንኸነብጽሕ ታሪኻዊ ሓላፍነትና ምኻኑ ተገንዚብና ንጸረ-ህዝቢ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ብዘይሕለል ቃልሲ ብምውጋድ ራህዋን ሰላምን ዘረጋግጽ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ክንረባረብ ይህልወና። ብፍላይ መንእሰይ ወለዶ ናይ ተቃለስቲ ኣያታቱ ኣውንታዊ ናይ ቃልሲ ተመክሮ ብምውራስ እቲ ኣሉታዊ ሽነኽ ከኣ ብምውጋድ መድረኽ ዝሓቶ ታሪኻዊ ግድኡ ክጻወት ልዑል ትጽቢት ይግበረሉ። በዚ ኣጋጣሚ ኣብ ኤርትራ ሰላምን ዲሞክራሲን ክረጋገጽ ንዝቃለሱ ሓይልታት ተቃውሞ ኤርትራ ዝሕግዛ ሃገራትን ውድባትን ሰልፊታትን ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ንህዝብን መንግስቲ ኢትዮጵያን ምሕዝነት ሰንዓ ፎርምን ዝለዓለ መጎሱ ይገልጽ።*

***ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ !!***
***ዓወት ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን !!***
***ውደቀት ንዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ !!***
***ዕላማታት ባሕቲ መስከረም ብዲሞክራሲያዊ ተጋድሎ ህዝብና መሊኦም ክዕወቱ እዮም !!***
***ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን***
***ባሕቲ መስከረም*** 2008